**ሓንሳብ ሰማያትን ምድሪን ሓደ ምስ ኮና፣ ሲኦል ዝበሃል ኣይክህሉን ኢዩ**

**ቀዳም፣ ጥቅምቲ 12, 2013 ሰዓት 17፣10**

ኣዚኺ ዝተፈቘርኪ ጓለይ፣ ዙፋነይ ኣብ ልዕሊ'ታ ዝተሓደሰት ዓለም ክቕመጥ ኢዩ፣ ኣብ ቀረባ ድማ ኩሉ ከም መሰረት ፍቓድ ኣቦይ ብሰላምን ስኒትን ክነብር ኢዩ።

ዓለም ከም'ቲ መጀመርያ ዝነበረቶ ክትከውን ኢያ፣ ዘይምቅዳው ዝበሃል ኣይክስማዕን ኢዩ። **ኩሎም እቶም ምስ'ቶም መላእኽቲን ጻድቃናትን ክጽምበሩ ዝተመርጹ ደቂ እግዚኣብሄር፣ ፍጹምነት ዘለዎ ህላወ ክነብሩ ኢዮም።** እንተኾነ ነዚ ፍለጡ። **ነየናይ መንገዲ ክመርጹ ከምዝደልዩ ክውስኑ ነፍሲ ወከፍ ዕድል ተዋሂብዎም ኬብቅዕ፣ እቶም ንሓቅነት እታ ሓዳስ ገነት ዘይቅበሉ፣ ካልኣይ ዕድል ኣይክዋሃቦምን ኢዩ።** ሓንሳብ ሰማያትን ምድሪን ሓደ ምስ ኮና፣ ሲኦል ዝብሃል ኣይክህሉን ኢዩ። እቶም ምሕረተይ ብነጻ ተዓዲሉዎም ኬብቅዕ ዝነጽጉዎ ነፍሲታት ዝወስድኦ እንኮ መንገዲ፣ እቲ ናብ ገሃነም-እሳት ዝወስድ ክኼዉን ኢዩ። ብዙሓት ኣዝዮም ክደርቁ ኢዮም፣ ምኽንያቱ ዝበዝሕ ዝምርኮስሉ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኣእምሮኣዊ ምኽንዩነት ስለዝኾነ፣ ብዘይፍላጥ ንዘልኣለም ኣብ ገሃነመ እሳት ኬሕልፉ ክመርጹ ኢዮም።

**እቶም ብእግዚኣብሄር ዘይኣምኑ ወይ ከኣ ነቲ ሓቂ ዘይቅበሉ፣ ብህላወ ሰይጣን ኣይኣምኑን ኢዮም። ንሱ፣ እቲ መታለሊ፣ መታን ናብ ክፍልታት ስቓይ ኬስድዖም'ሲ ንኣእምሮኦም ብሓሶት ክዓብሶ ኢዩ። ሓንሳብ ኣብኡ ምስ በጽሑ፣ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዘለዎ ጽልኢ፣ ብዘይ ምቁራጽ ንዘልኣለም ኬሳቕዮም ኢዩ።** ነዚኦም ነፍሲታት ሽዑ ክሕግዞም ኣይክእልን ኢየ። ስለ'ቶም ዕቡያት፣ ደናቑርን፣ ልቦም ዝደንደነን ነፍሲታት ብመሪር ጓሂ ክንደይ'ኳ ዘይነብዕ። ብኹርዓት ኣዝዮም ካብ ምጥርናቕም ዝተላዕለስ ንዓይ ፈጺሞም ኣይክርእዩኒን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ኣይክእሉን ኢዮም። ሓደ ሰብ ብሓጥያት ኩርዓት እንተተወቒዑስ፣ ንዓይ ክርእየኒ ወይ ድማ ብሓቀኛ ቃለይ ክምላእ ኣይካኣሎን ኢዩ። በቲ ሓደ ሸነኽ፣ እቶም እትፈልጡኒ ግን ከኣ ንዓኹም ብዝጥዕመኩም መንገዲ እትቕበሉኒ - ንስኹም'ውን ካባይ ነብስኹም ኣርሕቑ።

ንምንታይ ኢኹም እፈልጠካ ኢየ እንዳበልኩም ብዛዕባ ንዓይ ምስዓብ ብዝምልከት ዝነገርኩኹም እትጠውይዎ? ከመይ ኣቢልኩም ክርስቲያናት ኢና እንዳበልኩም ንናይ ገዛእ ርእስኹም መስመር ሂወት ንኽጥዕመኩም ክትብሉ ንዝጠወኹሞ ግጉይ ትምህርቲ-ሃይማኖትን ሓሶታትን ክትቅበሉ ድሉዋት ትኾኑ? ንዓይ ዘይትስዕቡኒን ንሙሉእ ሓቂ ኣስተምህሮታተይ ዘይትቕበሉዎ እንተዃንኩምን፣ ንስኻትኩም መን ኢኹም? ከዳዓት ኢኹም። ትጠልሙኒ። ሓንሳብ ምስጠለምኩምኒ፣ ደጋጊምኩም ንኽትጠልሙኒ ክትሰድዑ ኢኹም፣ ክሳብ ኣብ መወዳእታኡ፣ ብኣዒንቲ ናተይ ክርስቲያን ምዃንኩም ዝተርፍ።

**ነቶም ብቃለይ እትኣምኑ ክጽዋዓኩምን ክሓተኩምን ኣለኒ፣ ከቶ መዓስ ኢየ ኣነ ንሓጥያት ዜፍቀድኩ? ንሓጥያት ይቕረ እብል ኢየ፣ እንተኾነ ፈጺመ ኣየፍቅዶን ኢየ። ንሓጥያት ኤፍቅዶ ምዃነይ ትኣምኑ እንተዃንኩም፣ ሽዑስ ንሓጥያት ቅቡል ትገብርዎ ኣለኹም።** ንጌጋ መንገዲታትኩም ክትሳቐዩሉ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን ንስኻትኩም ካብቶም ንዓይ ዝጠለሙኒ፣ ዘላገጹለይ፣ ዝሳሓቑኒን፣ ዝሰቐሉኒን ኣይትሕሹን ኢኹም።

ዘክሩ፣ ነቲ ሓቂ ኣነ ኢየ ምሂረኩም። ኣብ'ዚ ናይ መወዳእታ መድረኽ ንደቂ ሰብ ኬድሕን ዝኣተኹዎ ኪዳን፣ ብዘይካ እቲ ሓቂ ካልእ ናብ'ቲ ኣነ ሕጂ ንዓለም ኬምጽኣላ ዝመጽእ ድሕነት ክትቅበሉዎ ኬምጻኣኩም ዝኽእል ነገር የለን።

ኣነ እቲ ሓቂ ምኻነይ’ሲ ፈጺምኩም ኣይትረስዑ። ካባይ’ሲ እቲ ሓቂ ጥራይ ኢዩ ዝመጽእ።

ናትኩም የሱስ

**ንዓይ ኣይትፈልጡንን ኢኹም ምኽንያቱ ንዓይ ስለዘይተለልዩኒ**

ሰንበት፣ ጥቅምቲ 13፣ 2013 ሰዓት 18፣00

ኣዚኺ ኣፅዚዝኪ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ እቶም ከምዝተራሕራሕኩም ዝስማዓኩምን ንዓለም ንዘለኒ ፍቕሪ ዘጠራጥረኩም፣ መታን ክረድኣኩም ጸውዒትኩም ናባይ ፈጺምኩም ደው ከይተብሉ። ብመንገዲ እቲ ቅዱስ ወንጌል ንዓለም ዝተዋህባ ቅዱስ ቃለይ እሙናት ክትኮኑ እንከለኹም፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜስ፣ ናይ ተስፋ ምስኣን ስምዒት፣ ናይ ፍርሒን ናይ ብሕታውነትን ስምዒት ክስማዓኩም ኢዩ። ዋላ ሕጂ፣ ቅዱስ ወንጌለይ እንዳተቐረበልኩም እንከሎ፣ ኣዚኹም ዝተነጸልኩም ኰይኑ ክስማዓኩም ኢዩ፣ ምኽንያቱ ውሑዳት ሰባት ኢዮም ነቲ ብመንገዲ ቅዱስ ቃለይ ንዝማሃርኩዎም ዝትግብርዎ።

ንገረቤትኩም ነፍቅሮ ኢና ትብሉ እንተኼንኩምን ደሓር ድማ ተጸልምዎ እንተኼንኩም፣ ሕጂ'ውን ናተይ ክትኮኑ ኢኹም። ብዓሰርቱ ትእዛዛት ንኣምን ኢና ትብሉ እንተኼንኩም፣ ግን ከኣ ንኣናብራኹም ብዝጥዕም ኣገባብ ትትግብርዎም እንተኼንኩም፣ ሽው'ሲ ነቲ ሓቂ ዕዉራት ኢኹም። ብመንገደይ ንዝተዋህቡኹም ኣእማደ ምስጢር ትቕበሉዎም እንተኼንኩም፣ ኮይኑ ግን ትጥሕስዎም እንተኼንኩም፣ ትጸርፉኒ ኣለኹም። ነቲ ቅዱስ ቃለይ ንኻልኦት ትሰብኩ እንተኼንኩም'ሞ ሽው ድማ ነብስኹም ልዕሊ ካልኦት ትሰርውዋ እንተኼንኩም፣ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ካብኦም ንበልጽ ኢና እንዳበልኩም፣ ተቖይሙኒ ኣለኹም። **ቃል እግዚኣብሄር ኣብ ዘመናዊት ዓለም ድሕሪ ደጊም ትርጉም የብሉን ኢልኩም ክትእውጁ እንከለኹምን ነዛ ነገራዊት ዓለም ከምዝስሕብ ኮይኑ ክዋሃሃድ ኣለዎ ትብሉ እንተኼንኩም፣ ሽው'ሲ ኣብ ገጽ ኣምላኽ ትተፍኡ ኣለኹም። ብዛዕባይ ዘለኩም ፍልጠት ካብ'ቲ ብመንገዲ እዞም ሕጂ ዝህበኩም መልእኽታት ቅዱስ ቃለይ ይዓቢ ኢልኩም ክትኣምኑ እንከለኹምን፣ እዞም መልእኽታት ኣብ ውሽጦም ጌጋ ኣለዎም ኢልኩም ክትኣምኑ እንከለኹምን፣ ነቲ ሓቂ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ዘይትፈልጡኒስ፣ ስለዘይተላልዩኒ ኢዩ።**

ስለዚ፣ዋላ እቶም ንቅዱስ ቃለይ ስለእትርድኡዎ ዕጉባት ዝኾንኩም፣ ሕጂ ኣብ'ዚ ተልእኾ'ዚ እትነጽጉኒ - ራሕሪሕኩምኒ ኢኹም። ንስኻትኩም፣ ብፍላይ፣ ንረድኤተይ ክትጽውዑ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ንስኻትኩም ብዘይ ብኣይ ሓንቲ እኳ ኣይኮንኩምን።

ናትኩም የሱስ

**ኪዳነ ምሕረት፦ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ንዘለኹም ኣቕሽሽቲ፣ ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ዝኾኑ መቑጸርያታተይ ክትሕዙ እምሕጸነኩም ኣለኹ**

ሶኒ፣ ጥቅምቲ 14፣ 2013 ሰዓት 15፣30

ክብርቲ ጓለይ፣ ንሓንቲ ህሞት እኳ ትኹን ዝኾነ ካባኻትኩም ብገዛእ ነብስኹም፣ ነቲ ሓቂ - ንሓቀኛ ቃል እግዚኣብሄር - ሕቝኹም ክትህቡ ዝገጥመኩም ፈተናታት ክትጸወሩ እኹል ብርትዔ ኣለና ኢልኩም ከይትኣምኑ። **ብዘይ ቀጻሊ ጸሎታት'ሲ፣ ሓሶታት ክቕረቡልኩም እንከለሎ ተሲእኩም ነቲ ሓቂ ክትእውጁ ክእለት ከምትስእኑ ክትርእዩ ኢኹም።**

**እቲ ደልሃመት ኣብ ልዕሊ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያን ወደይ ድሮ ክወርድ ጀሚሩ ስለዘሎ ኩሉኹም ንጸሎታት ገድሊ ክትደግሙ ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ነዚ ነፍሲ ወከፍ ካልኢት ክትዳለዉ ኣለኩም።**

**ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ንዘለኹም ኣቕሽሽቲ፣ ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ዝኾኑ መቑጸርያታተይን መስቀል ቅዱስ በነዲክት ኩልግዜ ምሳኹም ክትሕዙ እምሕጸነኩም ኣለኹ። ውዳሴ ማርያም ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ክትደግሙ ኣለኩም፣ ከምኡ'ውን ካብ'ቶም ኣብ ዝላዓለ ጽፍሒ ናይ ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ መኖም ኣብ ሓፋሽ ውዳሴ ማርያም ከምዝደግም ኣስተብህሉ።** ክኽበር እንከለኹ፣ ቅዱስ ውዳሴ ማርያም ብኩሎም እቶም ኣብ ቅድመይ ዝቐርቡ ክድገም ኣለዎ። እቶም ንምእመናን መሪሖም ኣብ ቅድሚ ዙፋን እግዚኣብሄር ናተይ ሓገዝ ንደሊ ኢና ዝብሉ፣ ንውዳሴ ማርያም ዘይደግሙ እንተኼይኖም፣ ሽዑ'ሲ ጸሎትኩም ከድልዮም ኢዩ። ውዳሴ ማርያም ከይደገምካ ሓገዘይ ደሊኻ ኣብ ቅድሜይ ምምጻእ'ሲ፣ ቁምነገር የብሉን፣ ልክዕ ከም'ዚ ሓደ ወታሃደር ብዘይ ዝኾነ ዕጥቂ ንኲናት ዝወፍር ማለት ኢዩ።

**ውዳሴ ማርያም እቲ ኣዝዩ ሓያል ጸሎት ኢዩ፣ መዓልታዊ ምስ ዝድገም ድማ፣ ንሓይሊ እቲ እከይ ይድምስሶ። እቶም ነፍሲታቶም ብሰይጣን ዝጸልመተ፣ ነዚ ጸሎት ንኽደግሙ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ ኮይኑ ይረኽቡዎ።** ብግብሮም መን ምዃኖም ክትፈልጡዎም ኢኹም፣ እሞ ብመንገዲ ምሕረት ወደይ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ እግዚኣብሄር ናብ ሸነኽ ብርሃን እግዚኣብሄር ክስሕቦም ክትሓትዎ ኣለኩም።

ፍቕርቲ ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ነቲ ሓቂ ዘበለ ኩሉ ንምድምሳስ እቶም መደባት በቶም ዘይቅዱሳት ስላሴ ተሓንጺጾም ኣለዉ**

**ሰሉስ፣ ጥቅምቲ 15, 2013**

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ **ኣብ ኩሉ ዓይነት ክርስቲያናዊ ማሕበራት ዝርከቡ ኩሎም ኣቕሽሽተይ፣ ነቶም ኣዝዮም ቅዱሳት ኣእማደ ምስጢራት ቤተ ክርስቲያን ክዕቅቡዎም ክጅምሩ ድልየተይ ኢዩ። እቶም ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዘለዉ፣ ንምድምሳስን ምርኻስን እቶም ምስጢራት ዝርእዩ እቶም ቀዳሞት መሰኻኽር ክኾኑ ኢዮም። እቶም ንዓይ፣ ንየሱስ ክርስቶስ፣ እሙናት ዝኾኑ ብትግሃት ነቲ ቤተ ክርስቲያነይ እትሽመሞ ሕሱም በረኻ ክዳለዉ ኢዮም። ሕጂ ክትዳለዉ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ በዚ ናትኩም ተኣማንነት ኢዩ ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር ነቶም ምስጢራት ብቅዱሳቶም ክቕበሉዎም ክኽእሉ።**

ንኩለን ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያናት እዚ እብለኩም ኣለኹ። ኣብ'ታ ዓባይን እትድነቕ መዓልቲ ዳግማይ ምጽኣተይ ክምለስ ንዝኣተኹዎ መብጽዓይ ብዝምልከት ንነብስኹም ኣዘኻኽሩዋ። ከምኡ'ውን ቅድሚ'ዛ ዕለት ዘለዋ ዓመታት ኩሎም እቶም ንዓይ ዝስዕቡኒ ከቢድ መከራታት ኬሕልፉ ምዃኖም'ውን ፍለጡ። **ኩሉኹም እቶም ኣኣብ ኣብያተ ክርስቲያንኩም ናብ ሓደስቲ ናይ ስልጣን ቦታታት እትትክኡ ድማ፣ በቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ክትምርሑን ኩሉኹም ነቲ ንሱ ዝብሎ ክትደግሙን ንተግባራቱ ክትቀድሑን ኢኹም።**

**እቶም ጾግዒ ናይ'ቲ ናይ ሓሶት ነቢይ ዝወስዱስ ወይሌኦም፣ ምኽንያቱስ ንሱ እቲ ኣንጻር ዮሃንስ መጥምቕ ኢዩ'ሞ፣ ንሱ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኩሉኹም ዝገዝእ ጸረ ክርስቶስ ቀዲምዎ ክመጽእ ኢዩ።**

**ኣነ ክሕልወኩም ኢየ፣ ምኽንያቱስ ኣብ ቀረባ ግዜስ እቲ እንኮ ክመርሓኩም ዝኽእል ኣነ ጥራይ ኢየ ክህልወኩም።** ኣብ'ቲ በቶም ከም ሓደስቲ መልክዕ ዘመናዊ ክርስትናዊ ስነ-ሃይማኖት ዝቐርቡልኩም ምንፍቕናታት ክትንነዉ እንከለኹም፣ ኣነ ጥራይ ኢየ ነቲ ሓቂ ክነግረኩም ክእመን ዝኽእል። ሰይጣን ከመይ ጎራሕ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ንሱ ፈጺሙ ኣየሰንብድን ኢዩ - ኣብ ክንድኡ፣ ብመንገዲ እቶም ዘገልግልዎ - ናብ ሓደ ሓድሽ ጠዋይ፣ ካብ ድሕሪት-ንቕድሚት ናብ ዝኾነ ትርጉም እቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃለይ ክስሕበኩም ኢዩ።

እቲ ሓቂ ዝኾነ ኩሉ ዝስረዙሉ ውጥናት ተሳኢሎም ኢዮም፣ በቶም ዘይቅዱሳት ስላሴ። ኩሉ እቲ ንምድራዊት ዓለም ዝስሕብ ዘበለ፣ እቲ ንሓጥያት ዕሽሽ ዝብል ሰብኣዊ ስስዔን ህርፋንን፣ ብመንገዲ ኩለን ዓይነት ኣብያተ ክርስቲያን ንኣመንቲ ክቐርብ ኢዩ። እዚ ዕለት'ዚ ኣብ እምኒ ዝተወቐረ ኢዩ፣ ከምኡ ድማ፣ ንዓይ ንእንኮ ወዱ ነቶም ንቃል እግዚኣብሄር እሙናት ኳይኖም ዝጸንሑ ክእከቦም ቅድሚ ምስዳዱ እቲ ብእግዚኣብሄር ዝፍቀድ ናይ መወዳእታ ጸርፊ ክኸዉን ኢዩ። **እቶም ሓሶታት ንዓኹም ክቐርቡልኩም እንከለዉ፣ ጽቡቕ ነገር መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም። ከም'ቲ በቶም ካብ ሞንጎ እቶም ዜታልልኹም ቅቡል ክኸውን እንከሎ'ሲ፣ እቲ ኣርማ ትሕትና ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያንኩም ልሙድ ክኸዉን ኢዩ።**

**ነፍሲ ወከፍ ምሳይ ዝምድና ዘለዎ ባህሪ - ፍቕረይ ነቶም ዝነደዩ፣ ፍቕረይ ነቶም ድኹማንን ትሑታንን፣ ንስስዔ፣ ብቂን፣ ህርፋንን ዘይምቕባለይ፣ ነዚ ሓድሽ ሃይማኖት ሓንቲ ዓለም - ዓለም ንግዝኣት እቲ ጸረ-ክርስቶስ ንኸዳልዉዋ፣ ከም ኣካል ናይ'ቶም ንዓኹም ነቲ ሓድሽ ኣስተምህሮ ክትቅበሉዎም መገደዲ ሞገተታት ክጥቀሙሎም ኢዮም።**

ከም ፈቃር እግዚኣብሄር መጠን፣ ንስኹም ንኽትድሕኑ እዚኦም መጠንቐቕታታት ይዋሃቡኹም ኣለዉ። ሕጂ ስምዑኒ። ካብ ኩሉ ዝሓቶ ሓደ ነገር ኢዩ። ነቲ ቅዱስ ቃለይ እሙናት ኩኑ። እቲ ቅዱስ ቃለይ ንዓኹም ተዋሂብኩም ኢዩ - ኣብ'ቲ ቅዱስ መጽሓፍ። ፈጺሙ ክቕየር ኣይክእልን ኢዩ። እንተኾነ ጸላእቲ እግዚኣብሄር ንትርጉማቱ ክጠውይዎ ኢዮም። እዚ ክኸዉን እንከሎ፣ እቶም እግዚኣብሄር ከምዚ'ኦም ንዝኣመሰሉ ለውጥታት ይቕበሎም ኢዩ ንዝብሉኹም ንጸግዎም። ዋላሓደ ጥቓ ሓቂ ዝቐርብ የብሉን።

ናትኩም የሱስ

## እቲ ከይሲ፣ ኑቲ ጸረ ክርስቶስ ብጥንቓቐ ዝስንዶ ፍሉያት መልእኽቲ ይህቦ

ረቡዕ፣ ጥቅምቲ 16፣ 2013 ሰዓት 23፣27

**ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቲ ንሰለስቲኦም ጸላእተይ፣ ኑቲ ናይ ሓሶት ነቢይ፣ ኑቲ ጸረ-ክርስቶስን፣ ኑቲ ድራጎንን ማለት እቲ ሰይጣን፣ ዝሓቁፍ ኣዝዩ ዘይቅዱስ ስላሴ፣ ኣንጻር እቶም ኣዝዩ ቅዱስ ስላሴ ብእምቢታ ሕጂ ክላዓሉ ኢዮም።** ብዙሓት ኣሽሓትን ኣሽሓትን ውፉያት ደቀ-መዛሙርቲ ከምዘለዉዎም ፍለጡ፣ ከምኡ'ውን እቲ ግዜ እንዳቐረበ ክመጽእ እንከሎ፣ ብዙሓት ሕቡኣትን ጽያፉትን ጽምብላት ንኽብሪ እቲ ከይሲ ክባዓሉ ኢዮም።

እቲ ከይሲ ሓቀኛ መንነቱ ከየቃልዕ ኣዝዩ ጥንቁቕ ኢዩ፣ ኣንጻር ዝኾነ ውላድ እግዚኣብሄር ዝኾኑ ሓቀኛ ክፉኣት ሓሳባቱ ክዉላት ኢዮም፣ ከምኡ ድማ ነብሱ ነቶም ውሑዳት ምሩጻቱ ከም ማራኺን ውቁብን ልዑል ኢዩ ዘቕርብ፣ ኣብ ቅድሜኦም ብኣዝዩ ሰሓቢ ኣገባብ ኢዩ ክግለጸሎም። ልክዕ ከም'ቶም ንምሩጻት ነቢያታተይ ዝማሓላለፈሎም፣ እቲ ከይሲ ነቲ ጸረ-ክርስቶስ ፍሉያት መልእኽቲታት ይህቦ ኢዩ፣ ንሱ ድማ ነዚኦም ብጥንቃቐ ይስንዶም'ሞ ምስ ኣብ ዓለም ዘለዉ ጽፍሒታቱ ይሰደሎም። **እዞም መልእኽቲታት፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ንምቕባል ዙፋኑን ንዓለም የሱስ፣ እቲ መድሓኒ ዓለም ንሱ ምዃኑ ከዔሽዋን ኣብ ዝገብሮ ምድላዋት፣ ቤተ ክርስቲያንይ ክትራኸስ ዝብል መምርሒታት ዝሓዙ ኢዮም።**

ሕጂ ስምዑ፣ ኣቱም ኩሉኹም ነዚ መጠንቀቕታ እትነጽጉ ዘበልኩም። ኣብ ቀረባ ግዜ፣ ብዙሓት ካብ እቶም ዘፍቅሩኒ ኮይኑ ግዳ፣ በዞም መልእኽቲታት ዘይኣምኑ ደቀ-መዛሙርተይ፣ ዓብዪ ሓደጋ ክገጥሞም ኢዩ። ካባይ ኣርሒቖም ክወስዱኹም ዘሎ ውጥን ተጀሚሩ ኣሎ፣ ጥንቁቓትን ንቑሓትን ኴንኩም እንተዘይጸኒሕኩም ድማ፣ ናብ'ቲ በዓቲ ደልሃመት ክትሰድዑ ኢኹም። ንሱ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ከም'ቲ ከይሲ ጌሩ ዝገለጸሉ፣ ንኩሉ መዳይ መለኮትነተይ ክወዳደሮ ኢዩ። ንሱ፣ እቲ እከይ፣ ንስቕለተይ ተመልኪቱዎ ኢዩ'ሞ፣ ነዚ ዜሰክሕ ፍጻመ ንሱ ጥራይ ኢዩ ዝርዝራዊ ፍልጠት ዘለዎ። **ንውፉያት ሰዓብቱ ኣብ ወግዒታት ቤተ ክርስቲያንይ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ገምጢሎም ዳግማይ ኬቑሙ መምርሒ ብምሃብ፣ ኬቋናጽበኒ ኢዩ። ነቲ ኣራዊት ንምኽባር ቃለይ ተወሲዱ ሓደስቲ ብዕሉጋት ክፉላት ክውሰኹዎ ኢዮም፣ ብዙሓት ድማ ንኣገዳስነቱ ኣይክርድእዎን ኢዮም።**

ምስ ዲያብሎስ ጠብላሕላሕ በሉን ከምድላዩን ኩኑሉ'ሞ፣ እዚ ናብ ዓበይቲ መከራታት ክመርሓኩም ኢዩ። ነተን ኣብ ሞንጎኹም ዝዘርኤን ጽያፍ ቃላት ድገሙወን እሞ፣ ነፍስኹም ንዕኡ ክትከፍትዋ ኢኹም። እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኣብ ቅድሜኹም ብትዕቢት ክጓዝም እንከሎ ብምፍቃር ኣኽብርዎ እሞ፣ ኣብ ክንዲ ንዓይ'ሲ ንዕኡ ኣብ ልብኹም ተስፍርዎ ኣለኹም። **ኩሉ እቲ ኣነ ዝማሃርኩኹም'ሲ ካብ ድሕሪት ንቕድሚት፣ ቁልቁል ኣፉ፣ ናይ ውሽጢ ንደጌ፣ ክኸውን ኢዩ።** ብዙሓት ብሓቂ ንኣስተምህሮታተይ ስለዘይርድኡዎን ኣዚኹም ውሑዳት ካባኻትኩም ጥራይ ብጥንቃቐ ነቶም ወንጌላት፣ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣተይ ዝምልከቱ ፍጻመታት ስለዝሰማዕኩሞም፣ ሕጂ'ውን ኣይክርዳኣኩምን ኢዩ።

ነዚ ዜና ክገልጽ እንከለኹስ ከመይ ልበይ ይስበር። ከም'ዚ ክትሳቐዩ መዓስ ምተመነኹ። እንተኾነ፣ መብጽዓ እኹነኒ፣ ስቓይኩም ከቃልሎ ኢየ፣ ዘመነ-መግዛእቱ ክመጽእ እንከሎ፣ ቅልጡፍ ክኸዉን ኢዩ።

እቶም ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ብመለኮትነተይ ዝግበር ላግጺ ብግርህነት ዝተታሕዙ፣ ምሕረተይ ክርእዩ ኢዮም። **እቲ ዜሕዝን፣ እቶም በቲ መታለሊ ቃል ከም ዝተኣትወሎም ኣብ ገነት ከም ዝገዝኡ ዝኣምኑ፣ ንነብሶም ኣብ'ቲ ንዘልኣለም ዝሳቐዩሉ ቀላይ**

**ሓዊ ተደርቢያ ክረኽቡዋ ኢዮም።** ማንም ዝረድኦም ኣይክህሉን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ነቲኤን ንዕኦም ንኺእምና ዝተሃንደሳ ሓሶታት ውሒጦመን ኢዮም፣ እዚ ድማ ነተን ነቲ ናይ ሓሶት ኣስተምህሮ ብዕውር ዝስዕብኦ ብዙሓት ነፍሲታት ምኽንያት ጥፍኣት ክኸዉን ኢዩ።

ስለ ምሕረት እቶም በቲ ናይ ጸልማት ንጉስ ዝታለሉስ ጸልዩ።

ናትኩም የሱስ

**በቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንይ ዝርከቡ ጸላእተይ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተኣታቶ ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ሕጊ፣ ነቲ ኣቦይ ዘቖሞ ሓቂ ክላገጸሉ ኢዩ።**

ሓሙስ፣ ጥቅምቲ 17፣ 2013 ሰዓት 20፣38

ኣዚኺ ዝተፈቐርኪ ጓለይ፣ ዝበዝሑ ሰባት ብሓቂ ብኣይ፣ ብየሱሶም፣ እንተዝኣምኑስ፣ ሽዑ ኣብ ልብታቶም ሰላም ምረኸቡ ኔሮም። እምነት ኣብ ዘይብሉስ፣ ፍርሒ ኣሎ። ፍርሒ፣ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ንነፍሲኻ ዞሪቑ ከይኣቱ ይኽልክል'ሞ ሽዑ እሱር ትኸዉን። ብዘይካ ብርሃነይ ድማ ዝኾነ ካልእ ነገር ነዚ ጾር እዚ ኣየልዕሎን ኢዩ።

**ኣነ ነቲ ሓቂ ክነገረኩም እንከለኹ፣ ስለዘፍቅረኩምን፣ ከምኡ'ውን ነታ ኣብ መወዳእታኡ ንሓብረላ መዓልቲ ሃረር ስለዝብላን ጥራይ ኢየ ከምኡ ዝገብር። ነቲ ሓቂ ኣይትፍርሑዎ።** ፍቕረይ ተረርቲ ክትኮኑን ኣብ ኩሉ ነገራት ንዓይ ሓቀኛታት ኴንኩም ክትጸንሑ ብትብዓትን ጽንዓትን ክመልኣኩም ኢዩ። ንኩሉኹም እቶም እትሓቱኒ ክሕልወኩም ኢየ፣ ግን ከኣ እቶም ፈጺሞም ፍርሒ ዘይህልዎም'ሲ እቶም ንነብሲታቶም ሙሉእ ብሙሉእ ንዓይ ዝሓድጉ ኢዮም።

እቲ ክፍኣት ናይ'ቲ ኣራዊት ብሰሓብነቱን ዘመናውነቱን ዝተኸወለ ክኸዉን ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ብጉልባብ ሰብኣውነት፣ ልግሲን 'ንድኻ ምግዳስን' ንኹሉ ክግለጽ ኢዩ። ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ትኹን ደቀ-መዛሙርቲ ሰይጣን ነቲ ሓቀኛ ሕብርታቶም ኬርእዩኹም ፈጺምኩም ከይትጽበዩ። ነቲ ሓቂ ንምትካእ እትቕረብ ነፍሲ ወከፍ ሓሶት፣ ስነ-ሞገታዊትን ንሓባራዊ ሰናይ ኩሉን መሲላ ክትርኤ ኢያ። በቶም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንይ ዝርከቡ ጸላእተይ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተኣታቶ ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ሕጊ፣ ነቲ ብኣቦይ ንሙሴ ዝተዋህበኦ ዓሰርተ ትእዛዛት ዝቖመ ሓቂ ክላገጽ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣመት/ወስታ፣ ዋላ'ኳ ረቂቕ ክኸውን ይኽኣል እምበር፣ ንዓይ ንወዲ ሰብ፣ ንየሱስ ክርስቶስ ከምዝጸርፍ ጌሩ ክንደፍ ኢዩ። **እቲ መታለሊ፣ ብመንገዲ እቶም ኣገልገልቱ፣ ንኸላግጹለይ ድሕር ኣይክብሉን ኢዮም፣ ምኽንያቱ ንሱ ይጸልኣኒ ኢዩ። ንሱ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያንይ ንዝሎ ነፍሲ ወከፍ መዕቆሪ ብግብሪ፣ ብቃላትን ሰይጣናዊ ኣርማታት እንዳወሰኸ ክጸርፎ ኢዩ።** እቶም ነቲ ሓቂ ዝፈልጡዎ ጥራይ ኢዮም ነዞም ጽያፋት ዝፈልጡዎምን እዞም ኣመታት/ወስታታት ብዘይጥርጥር እንታይ ማለት ምኻኖም ዝርድኡን።

ሓይሊ ሰይጣን ንደቀ መዛሙረይ ኬደናግሮም፣ ከምዘስግሉ ክገብሮምን፣ ኬሳቕዮምን ኢዩ። ንሱ፣ ሰይጣን፣ ፈጺሙ ኣይክገድፈኩምን ኢዩ፣ ብፍላይ ድማ ነቲ ሓቂ ኣብ እትምስክሩሉ። ግን ከኣ ነዚ ፍለጡ - ብኣይ ሙሉእ ብሙሉእ ክትኣምኑ እንከለኹም'ሲ ክስነፍ ይኽእል ኢዩ። ንነብስኹም ኣብ ቅድሜይ ምስ እትሓድጉዋ፣ ንዓይ ዘለኩም እምነት ንሱ ክጸልዎ ሓይሊ ኣይክዋሃቦን ኢዩ። ንሱ፣ ሰይጣን፣ ኣብቂዑ ኢዩ። መግዛእቱ፣ ዋላ'ኳ ንደቂ ሰብ ኣቐንዛዊ እንተነበረ፣ ኣብ መፈጸምታኡ ኢዩ ዘሎ። ቅድሜይ፣ እታ ናይ መወዳእታ ጸርፉ ብመንገዲ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ክፍጽሞ ኢዩ፣ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ከም'ዚ ከማይ መሲሉ ንሱ፣ ኣነ፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ኢየ ኢሉ ንዓለም ብምእማንን ንዓለም ኬድሕና መጺኤ ብምባልን ከዔሽዋ ኢዩ።

ነቲ ሓቂ ኣብ እትፈልጡሉ እዋን፣ ነዚ ፈተና እዚ ክትጻወርዎ ኢኹም። ነቲ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎ ሓቂ ጸኒዕኩም ምስ እትጸንሑ፣ ክትድሕኑ ኢኹም።

እቲ ናይ መወዳእታ መጥቃዕቲ ቁልጡፍ ክኸዉን ኢዩ፣ ድሕሪኡ ድማ ንዓለም እቲ ሓቂ ኬርእያ ኢየ'ሞ፣ እቶም ብጽልኢ ናተይ ዝተመልኡ ጥራይ ኢዮም ዝነጽጉዎ። ኣይትፍርሑ፣ እቲ እንኮ መድሓኔ ደቂ ሰብ ኣነ ኢየ'ሞ። ፍቕረይ ጥራይ ኢዩ

ኬጻንሓኩም። ነቶም፣ ናብ’ታ ሓዳስ ገነት ክወስዶም፣ ኣብ መወዳእታ ኢደይ ምስ ዝርጋሓሎም ጡፍ ዝብሉለይ መሳኪን ነፍሲታት ጥራይ ፍርሑሎም።

የሱስኩም

## እቲ እንኮ ሓቀኛ ዓርኮም፣ እቲ እንኮ መድሕኖም፣ ኣነ ጥራይ ክኼውን እኽእል ኢየ፣ እንተኾነ ብዙሓት ካብኣቶም ንመጠንቐቕታይ ዕሽሽ ክብሉዎ ኢዮም

ዓርቢ፣ ጥቅምቲ 18፣ 2013 ሰዓት 12፣38

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ እቲ ኣዝዩ ዓቢ ሓዘነይ'ሲ እቶም ኣብ ስርዓተ ጸሎቶም ንዓይ ኣዝዮም ዜፍቅሩኒ፣ ሕጂ ናብኦም ክጽውዕ እንከለኹ፣ ንደሃየይ ምስማዕ ክኣብዩ ኢዮም።

እቲ ሓቀኛ ዓርኮም፣ እቲ እንኮ መድሕኖም ኣነ ጥራይ ክኸዉን እኽእል ኢየ፣ እንተኾነ ብዙሓት ካብኣቶም ንመጠንቐቕታይ ዕሽሽ ክብሉዎ ኢዮም። **እቶም ንድምጻይ ዝሰምዑ እንኮላይ ዕሽሽ ክብሉኒ ኢዮም ንቃላተይ ድማ ከም ምንፍቕና ክነጽጉዎም ኢዮም። እዚ ዝነብሩሉ ዘለዉ ግዜያት ኣይክፈልጡዎን ኢዮም'ሞ ነቲ ሓቒ'ሲ ኣብ'ቲ እዋን መጠንቐቕታ ጥራይ ኢዮም ክግንዘብዎ። ክሳብ ሽዑ ድማ፣ ብዙሓት ካብኣቶም ንዓይ ረጊምምኒ ኣለዉን ነብሶም ካባይ ኣዝዮም ካብ ምርሓቖም ዝተላዕለ፣ ኣነ ናብ ልቢታቶም ክበጽሕ ኣይክኽእልን ኢየ ወይ ነፍሲታቶም ኬድሕነን ኣይክእልን ኢየ።**

**እቲ ዲያብሎስ ንዓይ ዘለዎ ጽልኢ ኣይተነኣእስዎ። ነቦይ ብኸቢድ ጠሊሙዎ፣ ንዓይ ግን ይጸልኣኒ። እዚ ማለት ንቤተ ክርስቲያነይ ይጸልኣ ኢዩ፣ ስለ'ዚ ድማ እቲ ናይ መወዳእታ ውግእ ኣብ ሞንጎ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይን ብሰይጣን ዝተላእኩ ጭፍራታትን ክኸዉን ኢዩ።** እዚ ውግእ ጀሚሩ ኣሎ፣ ድሮ'ውን ዜፍቅሮም ነፍሲታተይ ሰሪቑለይ ኣሎ፣ ብዙሓት ካብ'ዚኣቶም ከመይ ንእግዚኣብሄር ከም ዘቕይሙ ክርእዩ ኣይካኣሉን።

ህላዌይ ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ ምስተፈልጠ፣ ኣብ ሞንጎ ኩሎም እቶም ዜፍቅሩኒ - ነዚኦም መልእኽታት ይእመኑሎም ኣይእመኑሎም ብዘየገድስ - ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንነፍሲታቶም ብፍልጠት ክመልኤን ኢየ። እዚ ንዓለም መብጽዓይ ኢዩ። ንሓይሊ ክፍኣት ፈጺመ ኣይክርሕራሓኩምን ኢየ፣ ኣዝየ ኤፍቅረኩም ኢየ እሞ። ንስኹም ከም'ዚ ሓደ መሓውር ካብ ነብሰይ ኢኹም። ንስኹም ኣካል ነብሰይ ኢኹም። ንስኹም ኣካለይ ኢኹም።

ንስኹም ድለዩኒ ኣይትድለዩኒ፣ ክሳብ እታ ዓባይ ዕለት ክስዕበኩም ኢየ፣ ከምኡ'ውን ነፍስኹም ንምድሓን ክቃለስ ኢየ። ንስኹም ንዓይ ሕቖኹም ትህቡኒ ትኾኑ፣ ኣነ ግዳ ኣይክሓድገኩምን ኢየ፣ ምኽንያቱ ኣነ ዓቃል ኢየ። ጽንዓተይን መለኮትነተይን ኪኖ ፍልጠትኩም ኢዩ። ንዓይ፣ ንየሱስኩም፣ ፈጺምኩም ክትርስዑኒ የብልኩምን፣ ምኽንያቱ ኣነ ወትሩ ምሳኹም ኣለኹ፣ ንስኻትኩም ክትምለሱኒ እንዳተጸበኹ።

ፍቑር መድሓኒኹም

መድሓኔ ወዲ ሰብ

የሱስ ክርስቶስ

**እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ኩባንያታት፣ ውድባት፣ ከምኡ'ውን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን፣ መታን ንሓድሽ ማእከል ንግድ ዓለሙ ክሰርሓሉ ክሓብለን ህያባት ክፈጥር ኢዩ።**

**ቀዳም፣ ጥቅምቲ 19, 2013 ሰዓት 20፣00**

ኣዚኺ ፍቕርቲ ጓለይ፣ ንኹሎም እቶም በዚ መልእኽቲ ዝሰምዑኒን ዘላልዩኒን ኩሎም ደቀ-መዛሙረይ ሕጂ ክሰምዑኒ እጽውዕ ኣለኹ።

እዚ ኣባኻትኩም ተነቢሩ ዘሎ ስራሕ፣ ቅዱስ ኢዩ። ብሰንኪ እዚ ተልእኾ እዚ እትሓልፍዎ ዘበለ ስቓይ፣ ወጽዓ፣ ቃንዛ፣ ባጫ፣ እዚ ስራሕ ናተይ ምዃኑ ዘክሩ። ናይ መወዳእታ ተልእኾይ፣ ብመንገዲ ነቢይ እግዚኣብሄር ንዓለም ዝተዋህበ፣ ሓደ ዓብዪ ህያብ ንደቂ ሰብ ኢዩ። እቲ እኩይ ነቲ ሓቂ ደው ንምባል ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ ንእትርእይዎ ላግጺ፣ ልዕሊኡ ልዕል በሉ። እቲ ሓቂ፣ እቲ ቅዱስ ቃለይ፣ ክርገጽ ኢዩ፣ ነፍሲ ወከፍ ካብ ማዕሙቕ ገሃነመ እሳት ዝተፈትሐ ጋኔን ድማ፣ ንድምጻይ ንምጥፋእ ዝካኣሎ ዘበለ ኩሉ ክገብር ኢዩ።

ብመንገዲ እቶም ነብሶም ንኽትውረር ዝኸፍቱዋ ነፍሲታት ብምስራሕ፣ እቲ እኩይ ስራሓት ሰይጣን ኣብ ቀረባ ግዜ ተመሳሲሉ፣ ንዓለም ከም ቅዱስ ጽሑፍ ክቐርበላ ኢዩ። እቲ ሓድሽ ሰረተ-እምነት፣ ብኣይ ብየሱስ ክርስቶስ መለኮትነት ዝተተባብዔ ኢዩ ክብሉ ኢዮም። ብምልእታ ዓለም ኣቓልቦ ክትህበሉ ኢያ፣ ጽፍሒ ብጽፍሒ እንዳተገልጸን እንዳተዓለለሉን ክመጽእ እንከሎ፣ ብፍላይ ድማ በታ ነገራዊት ዓለም። እቶም ንእግዚኣብሄር ክብሪ ክህቡ ዘይትጽበይዎም፣ እቶም ነዞም መንፍቕነት - ኣንጻረይ ዝንገሩ ሓሶታት - ክግለጹ እንከለዉ ክቕበሉዎም ኣብ መስርዕ ቀዳሞት ክኾኑ ኢዮም።

ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ህዝባዊ ክብሪ ብናይ ዓለም መራኸቢ ብዙሓንን ናይ ፖለቲካ ሕሩያትን ክትረክብ ኢያ። ኣብ ታሪኽ ብዘይተራእየ ኣገባብ እቶም ኢዝሄራውያን (ከሓድቲ ፈጣሪ)ን ኩሎም ሃይማኖታትን፣ እንኮላይ እቶም ንዓይ ዘየኽብሩኒ፣ ነቶም ካብ እግዚኣብሄር ኢና ንዝብሉ ሕቘፎም  ክኸፍቱን፣ ንኽብሮም ክምብርከኹሎምን ኢዮም።

**ምስለይ ክጠፍእ እንከሎን ክርኣይ ኣብ ዘይካኣለሉን እዋን፣ ከምኡ'ውን መስቀላተይ፣ መጽሓፍ ቅዱሳተይ፣ ንኣሽቱ መጽሓፈ ጸሎታተይ፣ መቑጸሪያታተይ፣ ሜዳልያታተይ፣ ከታባተይ፣ ናይ ቅዱስ ቤነዲክት መስቀላት ኣይክርከቡን ኢዮም፣ ሽዑ ዘመነ እቲ ኣራዊት ከምዝጀመረ ክትፈልጡ ኢኹም።**

ዓለም ነቲ ጸረ-ክርስቶስ መዝሙራት ውዳሰ ክትዝምረሉ ኢያ። **ሰላም ምስ ፈጠረ - ባዕሉ ክላዓሉ ብዝሓገዞም ኲናታት ዝተፈጥሩ ናይ ሓሶት ሰላም - ከይደንጎየ ድማ ዘሰምብድ ቃል-መግለጺታት ክህብ ኢዩ። ንሱ፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ፣ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦ መልእኽታት ከምዝተቐበለ ክእውጅ ኢዩ፣ እቶም መልእኽታት ድማ ሓቀኛታት መሲሎም ክርኣዩ ኢዮም። ሽዑ ድማ፣ ንሽሑራዊ ሓይሊ ተጠቒሙ፣ ንብዙሓት ኬሕዊ ክርኣይን ዓበይቲ መንፈሳውያን ህያባት ከምዘለዎ መሲሉ ክርኤ ኢዩ።** ብዙሓት እሱ ዝፍጽሞም ዝመስሉ ተኣምራት 'ተባሂሎም' ዝጽውዑ ክድነቑን፣ ዓለም ድማ ኬተኽብሮን ኣብ እግሩ ክትድፋእን ኢያ። **ሽዑ፣ ንሱ፣ እቲ ጸረ ክርስቶስ፣ የሱስ ክርስቶስ እቲ ወዲ ሰብ ኢየ ኢሉ ክእውጅን፣ ከምኡ ድማ ነዛ ዓለም ዘምልሰሉን ኩሎም ደቂ ሰብ ዘድሕኑሉን ግዜኡ መጺኡ ክብል ኢዩ።** ዝኾነ ካብ ኣፍ እቲ ኣራዊት ንዝፍልፍል ርስሓትን ብዕልግናን ክብድህ ዝደፍር ዘበለ ድማ፣ ከም ሕሱም ክቕጻዕ ኢዩ።

ኣብ’ዚ እዋን፣ ሰይጣን ንዓለም ስለዝወረራ፣ ሓጥያት ኣዝዩ ኣስፋሕፊሑ ካብ ምርካቡ ዝተላዕለ ሰብኣዊ ክብሪ ኣብ’ቲ ኣዝዩ ዝተሓተ ደረጃታቱ ክበጽሕ ኢዩ፣ ሽዑ ድማ ርኽሰት፣ ክቱር ፍትወተ-ስጋ፣ ስስዔን ኩሉ ካልእ ብዓይኒ እግዚኣብሄር ጸያፍ ዝኾነ ሓጥያትን ኣብ ኩሉ ህዝባዊ ቦታታት ክርኤ ኢዩ። ሓጥያት ተፈጥሮኣዊ ናይ ወዲ ሰብ ኣበር ኢዩ ተባሂለ ክንገር ስለዝኾነ፣ ከምኡ’ውን እግዚኣብሄር ሰንኪ ድኹም ሰብኣዊ ባህሪ ኣይክፈርደኩምን ኢዩ ኢሎም ስለዝነግሩኹም፣ ብዙሓት ንሓጥያት ክቕበሉዎን ኣብ ነፍሲታቶም ሕፍረት ዝብሃል ኣይክህልዎምን ኢዩ።

ናይ ዓለም ሰብ ዝና፣ ዜዘናግዑ ሰባት፣ መራኸቢ ብዙሓት፣ ከዋኽብቲ ፊልምታትን ኩሎም ምስ’ቲ ጸረ-ክርስቶስ ክርኣዩ ጫውጫው ክብሉ ኢዮም፣ ከምኡ ድማ ምስሉ ካብ ዝኾነ ቅድሜኡ ዝመጸ ንላዕሊ ዝርኤ ክኸዉን ኢዩ። **ብዙሓት ቋንቋታት ዝመልኽ ክኸዉን ኢዩ፣ ምልኩዕ ክኸዉን ኢዩ፣ ተዋዛያይን ልዑል ናይ ምርድዳእ ክእለታት ዝውንን ክኸዉን ኢዩ። ብዛዕባ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ዝብሎ ነገር ኣዝዩ ጥንቁቕ ክኸውን ኢዩ፣ ከምኡ’ውን ንኣደ እግዚኣብሄር ፈጺሙ ኣይክጠቕሳን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ድሕሪ ሕጂ እትጻወቶ ተራ ከምዘየለ ስለዝርኤ።**

**ናይ’ቲ ጸረ-ክርስቶስ ቃለ-መሕትት ኣብ ቴለቪዥን ልሙድ ክኸዉን ኢዩ፣ ሰባት ድማ ንነፍሲ ወከፍ ካብ ኣፉ እትወጽእ ቃል ክሕዞዋ ኢዮም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ንዘለዉ ፖለቲከኛታት ክጸሉ ኢዩ፣ እቶም ምስኡ ዝርኣዩ ድማ ከም ነገስታት ክርኣዩ ኢዮም። ኣብኡ ኣየብቅዕን ኢዩ። ጥቕስታቱ ኣብ ጠረጴዛ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ክሰበኻ ኢየን። ዓብዪ ክብርን ቦታን ኣብ ኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ክዋሃቦ ኢዩ፣ ኣብ መወዳእታኡ ኣብ’ታ ሓዳስ ዙፋን ቤተ መቕደስ ባቢሎን ክሳብ ዝቕመጥ።** ጽልዋታቱ ናብ ኩሉን እተን ባንክታት፣ ሕግታት ንግድ፣ ዓለማዊ ቁጠባን ከስፋሕፍሕ ኢዩ። እቲ ጸረ-ክርስቶስ፣ ኩባንያታት፣ ውድባት፣ ከምኡ’ውን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን፣ መታን ንሓድሽ ማእከል ንግድ ዓለሙ ክሰርሓሉ ክሓብለን ህያባት ክፈጥር ኢዩ። በቶም ኣካል ግዝኣት ናይ’ቲ ጸረ-ክርስቶስ ክኾኑ ዝደልዩ ዓብዪ ሃብቲ ክፍጠር ኢዩ። **ነፍሲ ወከፍ ንዕኡ ተኣማንነቱ ዝማሓለ፣ ብሓዲኡ ካብ ብሃይማኖታዊ ስርዓታት፣ ወይ ዋኒን ወይ ናይ ንግድ ስምምዓት፣ ሕላገት (ምልክት) ክገብር ኣለዎ። እዚ ምልክት ብመልክዕ ናይ ባንክ ካርድን ፍሉይ ቺፕ (ቁራጽ ናይ ኮምፕዩተር መከታተሊ ሓበሬታ) ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ኢዶም ክትከል ኢዩ፣ እቶም ነቲ ምልክት ዝቕበሉ ነፍሲታቶም ክኼስሩዋ ኢዮም። እቶም ኩሎም ማሕተም እቲ ህያው እግዚኣብሄር ዝወድዩ ካብ ጭብጢ እቲ ጸረ-ክርስቶስ ኬምልጡን ካብ’ቲ ራዕዲ ክዉላት ክኾኑን ኢዮም።** ነዚ መጠንቐቕታ ሸለል ኣይትበልዎ። ኣይትፍርሕዎ፣ ምኽንያቱ ንመምርሒታተይ እንተስዒብኩሞ፣ ሕሉዋት ክትኮኑ ኢኹም።

ነዚ መልእኽቲ ክህበኪ እንከለኹ ብዙሕ እነብዕ፣ ነዚ ኢዩ ድማ ኣብ’ዚ ግዜ ኣባኺ ዓለይ፣ ዘለኒ ቃንዛ ኣብ’ዚ እዋን ኣዝዩ ዓቢ ኢዩ። ንምሕረተይን ሓለዋይን ብምጽዋዕን ኣጸናንዕኒ።

ናትኩም የሱስ